# ሓቢርና ነቲ ብዕዳጋ-ዚውሰን ክራይ ኣባይቲ ደው ነብሎ

**መንግስቲ ምስ ”ሰንተር-ፓርቲየትን” ምስ ”ሰልፊ-ሊበራለርናን” ኰይኖም፥ ኣብ ኵሎም'ቶም ሓደስቲ ክራይ ኣባይቲ፥ ”ብዕዳጋ-ዚውሰን” ኣገባብ ክራይ ኣባይቲ ንኸተኣታቱ ወሲኖም ኣሎዉ። ንሕና ግን፡ ነዚ ነገር'ዚ ደው ንኸነብሎ ደሊና ስለ ዘሎና፥ ናታትኩም ሓገዝ የድልየና እዩ!**

እዚ ማለት ድማ፡ ከምዚ ንርእዮ ዘሎና ምዕባለ እንተ ቐጺሉ፥ ንመጻኢ ጊዜ ኵሎም ክራይ-ኣባይቲ ብዕዳጋ-ዚውሰን ክራይ ኪህሉዎም ከም ዚኽእል ዚእምት'ዩ። እቲ ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ብሓባር ኳንና ንገብሮ ዝነበርና ናይ ዋጋ-ዕዳጋ ዝርርብ፡ እናጠፍአ ይኸይድ ስለ ዘሎ'ዩ። በብውልቕና ናይ ክራይ ገንዘብ ዋጋ-ዕዳጋ እንገብረሉ ጊዜ እንተ መጺኡ፥ እቲ ብዙሕ ገንዘብ ኪኸፍል ዚኽእል ሰብ ጥራይ ነቲ ገዛ ኪካረዮ ከም ዚኽእል ዚገብር ሓደጋ ከስዕብ'ዩ። ብዕዳጋ-ዚውሰን ክራይ ምትእትታው ማለት፥ መብዛሕትኡ ሰብ፡ ዝልዓለ ናይ ክራይ ገንዘብ ከም ዚኸፍል ዚገብር ምዕባለ እዩ። ብፍላይ ኣብ ገሊኡ ቦታታት፡ እቲ ዚኸፈል ክራይ ገንዘብ ክሳብ 50% ንላዕሊ ክብ ንኺብል ኪገብሮ'ዩ።

ስለዚ ድማ'ዩ፡ ብብዙሕ ቁጽሪ ተሓባቢርና፡ ነዞም ፖሎቲከኛታት እዚኦም፥ እዚ ኣሕሊፎሞ ዘሎዉ ብዕዳጋ-ዚውሰን ክራይ ኣባይቲ፥ ሕማቕ ውሳኔ'ዩ ኢልና ከም ንኣምን ክነርእዮም ዝግብኣና።
ብዛዕባ ብዕዳጋ-ዚውሰን ክራይ ብዝበለጸ ኣንብብ፥ ነጢፍካ ድማ ኣብዚ ዚስዕብ ተቓለስ፡- **www.hyresgastforeningen.se/marketrents**

Hyresgästföreningen